**ኣብ ምርምር ንምስታፍ ዘድሊ ሓጺር ናይ ስምምዕነት ቅጥዒ**

ኣብ  ናይ ምርምር መጽናዕቲ ክትጽንበር ትደሊ እንተኾይንካ ትሕተት ኣለኻ። ቅድሚ ኣብዚ መጽናዕቲ ንምስታፍ ምስምዕማዕካ፣ ናይቲ መጽናዕቲ መካየዲ ጉጅለ ኣባል ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ እቲ ምርምር ሓደ ሓደ ነገራት ክነግረካ ኣለዎ። እዞም ዝስዕቡ ነገራት ድማ ክነግረካ እዩ

a. ናይቲ ምርምር ዕላማ
b. ኣብቲ ናይ ምርምር ግዜ እንታይ ከምዘጋጥመካ
c. እቲ ምርምር ንክንደይ ግዜ ከምዝጸንሕን ንክንደይ ንውሓት ግዜ ከአ ክትሳተፍ ከምእትሕተትን
d. ፈተነ ዘድልዮም ናይቲ ምርምር ክፋላት እንተድኣሃሊዮም (ዝፍተን ዘሎ ገለ ነገር እንተድኣሃሊዩ)
e. ክጎድኡኻ ወይ ምቾትካ ከስእኑኻ ዝኽእሉ ስግኣተ -ሓደጋታት ወይ ናይቲ ምርምር ክፋላት እንተድኣሃሊዮም
f. ካብቲ ምርምር ክመጹ ዝክእሉ ንስኻ ወይ ካልኦት ክትረኽብዎም እትኽእሉ ጥቕሚታት
g. ኣብ ክንዲ ነቲ ምርምር ንኣኻ ክርብሑ ዝኽእሉ ኣተሓሕዛታት ወይ ኣገባባት (ካልኦት መማረጺታት)
h. ዳታኻ ምስ መን ክካፈል ምኻኑ ዝነግር ሓበሬታ
i. ብዛዕባ ናይ ሓበሬታኻ ምስጢራውነትን ግላዊነትን ብኸመይ ከምዝሕሎ።

ናይቲ መጽናዕቲ ሰራሕተኛታት እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ኣብቲ መፅናዕቲ ግብራዊ ዝኸውን እንተኾይኑ ’ውን ክነግሩኻ ኣለዎም

a. ኣብዚ መጽናዕቲ ምርምር ኣብ እትሳተፈሉ እዋን ጉድኣት እንተድኣኣጋጢምካ እትቕበሎ ካሕሳ እንተሃሊዩ (ገንዘብ ወይ ናጻ ናይ ሕክምና ፍወሳ)
b. ሕጂ ዘይንፈልጦም ኣብ መጻኢ ግን ክፍጠሩ ዝኽእሉ ስግኣተ-ሓደጋታት እንተድኣሃሊዮም
c. ንስኻ ኣብቲ መጽናዕቲ ካብ ምስታፍ በቶም ኣካየድቲ ምርምር ደው ከምትብል እትገበረሉ ምኽንያታት እንተልዮም
d. ኣብቲ መጽናዕቲ ብምስታፍካ እተውጽኦም ወጻኢታት እንተድኣሃሊዮም
e. ካብቲ መጽናዕቲ ክትወጽእ እንተድኣደሊኻ እንታይ ከምዘጋጥመካ
f. ኣብቲ መጽናዕቲ ብዛዕባ ምስታፍካ ሓሳብካ ክቕይሩ ዝኽእሉ ሓደሽቲ ነገራት እንተተረኺቦም መዓዝ ከምእትንገር
g. ኣብቲ መጽናዕቲ ክንደይ ሰባት ከመዝሳተፉ።

እዞም ልዕል ክብሉ ዝተጠቐሱ ሓበሬታታት ድሕሪ ከምትሰምዕ ምግባሩ እቲ ናይቲ መጽናዕቲ ሰራሕተኛ ኣብቲ መጽናዕቲ ክትሳተፍ ትደሊ እንተኾይንካ ክሓተካ እዩ። እንተድኣተስማዕሚዕኻ እቲ ናይቲ መጽናዕቲ ሰራሕተኛ ኣብዚ ቅጥዒ እዚ ክትፍርም ክሓተካ እዩ ። ብቋንቋኻ ዝተዳለወ ዝተፈረመሉ ናይዚ ቅጥዒ እዚ ቅዳሕ ክወሃበካ ኣለዎ። ናይቲ ምርምር ፅሑፋዊ መጠቓለሊ ሓሳብ እውን ብቛንቋ እንግሊዝ ክወሃበካ እዩ።

ብዛዕባ እቲ ምርምር ሕቶ እንተሃሊካወይ ድማ እንተተጎዲእካ እንታይ ከምእትገብር ንምሕታት ንስኻ ወይ ተርጓሚኻ ናብ ________Name________ ብቑጽሪ ቴሌፎን ______Phone______ ደዊልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ። ብዛዕባ ናይ ምርምር ኣባል ብምዃንካ መጠን ንዘለዉኻ መሰላት ሕቶ እንተድኣሃሊካ ንስኻ ወይ ተርጓሚኻ ናብ ናይ BUMC IRB ቤት-ጽሕፈት ብቑጽሪ ቴሌፎን 617-358-5372 ደዊልኩም ምሕታት ትኽእሉ።

ኣብዚ ምርምር መጽናዕቲ እዚ ክትህሉ ትደሊ ዲኻ ኣይተደሊን ናይ ምውሳን ነፃነት ኣለካ። ናትካ ምርጫ እዩ። ኣብቲ መጽናዕቲ ንዘይምስታፍ ምውሳን ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ መጽናዕቲ ተሳቲፍካ ኣብ ደስ ዝበለካ ግዘ ምግዳፍ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ መጽናዕቲ ንዘይምስታፍ ብምውሳንካ ወይ ኣብ ደስ ዝበለካ ግዘ ደው ክብል እየ ብምባልካ ካብቲ ዝግበኣካ ረብሓታት ዝጎድለካ የለን። ውሳነኻ ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ በቶም ሰራሕተኛታት ዝህልወካ ኣተሓሕዛ ኣይቕየርን ኣብቲ ምርምር ክትሳተፍ እንተድኣወሲንካ ግን ናይ ሕክምና ትልሚኻ ክቕየር ይኽእል እዩ።

ኣብዚ ሰነድ እዚ ምፍራም ማለት እቲ ናይ ምርምር መጽናዕቲ ተብራህሪህልካ እዩ ማለት እዩ። እዚ ማለት ድማ ልዕል ክብልዝተጠቐሰ ሓበሬታ ብሙሉኡ ተነጊርካ እዩ ማለት እዩ። ኣብዚ ቅጥዒ እንተፈሪምካ ንምስታፍ ተስማዕሚዕካ ኣለኻ ማለት እዩ።

ናይቲ ተሳታፊ ዝተሓተመ ስም ______________________________ ፊርማ ______________________________ ዕለት __________

Printed name of witness ______________________________ Signature ______________________________ Date __________